# <u>ክትራ ብቐትሪ: ሽፍትነት ጎደቦ!!!</u>
# <u>ምስ ተሓዝለ ዝሓጽር ድንኪ!!!!</u>


ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም


ቀ.ሚ. መለስ ዜናዊ


ብ.ጀ. ተኸለ ክፍላይ

ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቅድሚ ምምጽኡ: ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ምስ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ): ኣብ ዘይሕጋዊ ፍልሰት ደቂ ኣዳም ብሓባር ይሰርሕ ነይረ ኢሉ እንተዘይመስኪሩ: ኣብ ማእሰርቲ ክበሊ ምኻኑ ሓብርዎ!!!!!!! ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ:-

ሰናይ ንባብ ን3ይ ክፋል

34. ኮይኑ ግን: ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ካብ'ቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ስራሕ ወጻኢ: ብኹሉ ሸነኻቱ ኣገልጋሊ ናይ ሰብ ፍሉይ ረብሓን: ስርዓት ኣዲስ ኣበባን ኢዩ ነይሩን ዘሎን:: ነዚ ዘረጋግጽ ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ንወትሃደራዊ ስለያዊ ኩነታት ሃገረ ኤርትራ ኣመልኪቱ: ብፍላይ ንኹነታት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ: ማእከል ወትሃደራዊ ስልጠናን: መደበር ሎጀስቲክን: መንግስታዊ ጋራጃትን ንዘሎ ኣቀማምጣን: ህላዌ ሎጀስቲካዊ ቀረብ ኤርትራን: ኣብ'ቲ ዘይምልከቶ ጸብጻብ ኣስፊሩ ምዝርግሑ: እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ እገዳ: ብቐንዱ ንፖለቲካዊ ዕላማ ተባሂሉ ዝተጠጅአን: ንሃገረ ኤርትራ ንምልማስ ተባሂሉ ዝተዋደደ ምኻኑ ብኹልንትናኡ ብሩህ ስእሊ ዝህብ ኣመለኻኽታ ኣሎ:: እዚ ማለት: ብጀካ እቲ ብጉልባብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ምሻጥ ደቂ ሰባትን ኣብ ዘይወዓሎ: ንከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ከሲስካ ግዳይ ብምግባር: ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ፖለቲካዊ ተጽዕኖ ንምፍጣር ዘንቀደ ሓሳብ: ናብ'ቲ ብዝኸበደ መልክዑ ንብይን ስምምዕ ዌስት-ፊልያ Westphelian agrrement http://avalon.law.yale.edu/17thcentury/westphal.asp ድሒሩ 'ውን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝረዓመሉ: ናይ ሓንቲ ሉኡላዊት ሃገር ሚስጢር ኣሕሊፍካ ምሃብ ከም ዶብ ናይታ ሃገር ምጥሓስ ኢዩ ዝቑጸር ዝበሎ: ባዕሉ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብግብሪ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ጢሒስዎ ኣሎ:: ነዚ ናብ ዘግልሖ ጭብጥታት ክንሰግር:- እዚ ስዒቡ ዝቐብ ዘሎ ብወትሃደራዊ ካርታ ዝተሰነየ ስእሊ: ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣብ ጸብጻቡ ካብ ዘስፈሮ ኢዩ:: እስከ ናብ ዝርዝራቱ ንኺድ:-

Annex 2
Aerial view of Asha Golgol መደበር ዓሻ ጎልጎል ማእከል ሎጀስቲክ ሃገረ ኤርትራ




Imagery date: 31 January 2011/Source: google Earth 7.0.3.8542
Coordinattes: 15º 14' 47,49 ''N 38º 50' 6.41'' E

35. ተቐጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ንዝርዝራት ጸብጻቡ ብምትሕሓዝ ኣብ'ቲ Current of the Eritrean air force ዝብል ኣብ ሕጥቦ ጽሑፍ 70 ገጽ 18: ንሀላዌ

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብመልክዕ ሰንጠረጅ ሴሌዳ ኣነጺሩ ድሕሪ ምቕራብ: ኣብ ሕጥቦ ጽሑፍ 75 ገጽ 19: ንሕዙእ ምንቅስቓስ ወትሃደራዊ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ: ኣብ ውሽጢ ክሊ ሉኡላዊ መሬት ኤርትራ: ኣብ ባይታ ወሪዱ ብመልክዕ ካርታ ነዲፉ ብስእሊ ድሕሪ ምቅልዑ: ነቲ ኣብ 875 $m^2$ ዝስፍሓቱ ሃንገር (Hangar): ኣብ Figure II Military apron of Asmara airport, 1 march 2012 ኢሉ ብሰፊሕ ኣቕሪብዎ ዘሎ ንድፌ ጸብጻብ ወትሃደራዊ ካርታ ዝያዳ ተመልከት፥-


## Current status of the Eritrean Air Force

| Tyape air craft | Number | Operational in May 2012 | Registration number | Comments |
|---|---|---|---|---|
| Mig-29 Fulerum | 7 | 2 | ERAF501<br>ERAF502<br>ERAF504<br>ERAF505 | single-seater |
| Sukhoi Su-27 Flanker | 2 | 1 | ERAF608<br>ERAF609 | 1single seater SK<br>2single seater UB |
| Aermacchi MB-339C | 4 | _ | ERAF408 | |
| Harbin Y-12 | 2 | 2 | ERAF801 | |
| Aero L-39 Albatross | 1 | _ | | Atleast 1 two Seater advenced Trainer version Probably former Ethiopian air Froce |
| L-90TP redigo | 6 | _ | | |
| Augusta bell-412 | 2 | _ | ERAF702 | |
| Mil Mi-17Hip | 3 | 2 | ERAF301<br>ERAF306 | |
| Mil Mi-35 Hind E | 2 | _ | | At least one was Reportedly seized From the Ethiopian Air force |

Figure II

## Military apron of Asmara airport, 1 march 2012

ወትሃደራዊ ኣቀማምጣ ሓይሊ ኣየር ኣስመራ 1 መጋቢት 2012





36. ቀጺሉ ኣብ ጥብቆ ቁጽሪ 1 ገጽ 31:- Support for armed groups in the region ብዝብል ኣርእስቲ ዝኸፈቶ ዛዕባ: ኣብ ቁጽርታት 1.2.3. ኣብ ዝርከብ ሕጥቦ ጽሑፋት መእተዊ ድሕረ ባይታ ድሕሪ ምግባሩ: "ስልጠና ኣብ ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ: ማእከል ስልጠና ኪሎማ: ማእከል ስልጠና ዒን: ማእከል ስልጠና ሓሬና: ማእከል ስልጠና ሳዋን: ቀንዲ ወትሃደራዊ መዓስከር ሳዋን መዕርፎ ነፈርቱን ብካርታ መልክዕ ኣብ ገጻት 36-37-38 ብሰፊሕ ኣቐሚጥዎ ኣሎ::



Matt Brayden
Coordinator Monitering Group on somalia & Eritrea



Emmanuel Deisser
Arms Expert



Babatunde Taiwo
Armed group Expert

37. ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: በዚ ናይ ኢንኪሒራ ጸብጻባቱ ከይተሓጽረ: ኣብ'ቲ ብሓላፊ ናይ'ቲ ጉጅለ Matt Bryden Coordinator monitering group on Somalia & Eritreaን: ኪኢላ ኣጽዋር ናይ ዝተባህለ Emmanuel Deisser Arms expertን: ብኪኢላ ጉጅለ ኣጽዋራት Babutunde Taiwo Armed group expert ኣቢሉ: ኣብ'ቲ ብS/2012/545/ report of the monitering group on somalia & Eritrea pursuant to Security Council resolution 2002 (2011) ኣብ ዘሕለፎ ውሳኔ ዝሃቦ ጸብጻብ: ንኹነታት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብደቂቕ ሓበሬታ ድሕሪ ምስፋሩ: ንኩነታት ህላዌ Mig-29 Fulcrums, SU-27 Falnkers, Mi 24 Hind Helicopter gunships ጠቕላላ ዝርዝራዊ

ሓበሬታ ድሕሪ ምቕራቡ: ኣብ ባይታ ዘለወን ኣቀማምጣ ብወትሃደራዊ ቅዲ ሖጻ መሰረት ኢዩ: ናብ ስእላዊ ናይ ካርታ ንባብ ናብ ኩሉ ኩፉት ገይሩዎ ዘሎ:: ንዝያዳ ዝርዝሩ ኣብ'ዚ ጥብቆ እዚ ተመልከት:- G:\Somalia S 2012 545 Copy Copy.pdf

ጥብቆ ቁጽሪ 02


Violations of the general & Complete arms embargo

ጥብቆ ቁጽሪ 2.1

Aerial view of the military apron of Asmara airport on 10 september 2009



On 10 September 2009





On 11 April 2010




1. **Sukhoi Su-27**
2. **Mig-29**
3. **Mi-17**
4. **Mi-35**
5. **Yak Y-12**
6. **Augusta-Bell 412**
7. **Aermacchi MB-339C**
8. **L-90TP Redigo**

On 31 July 2010





On 31 January 2011




1. Sukhoi Su-27
2. Mig-29
3. Mi-17
4. Mi-35
5. Yak Y-12
6. Augusta-Bell 412
7. Aermacchi MB-339C
8. L-90TP Redigo

On 1 March 2012




1. Sukhoi Su-27
2. Mig-29
3. Mi-17
4. Mi-35
5. Yak Y-12
6. Augusta-Bell 412
7. Aermacchi MB-339C
8. L-90TP Redigo
9. Aero L-39 Albatros
10. Fleet of unidentified 1-2 seater, possibly Zlin Z 42 or similar model

Source: Google Earth Pro version 6.2.2.6613, accessed on 7 May 2012 at http://kh.google.com; GPS coordinates of Asmara militay apron according to Google Earth Pro: Latitude: 15°17'38.99"N / Longitude: 38°55'10.50"E; information compiled with the kind assistance of Siemon Wezeman, Senior Resercher at the Arms Transfers Programme of the Stockholm International Peace Research Institute (SIPRI).

38. ናይ'ዚ ልዒሉ ዝተጠቐሰ መርትዖ ዘነጽረልና ሓቂ እንተልዩ: ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ንምሉእ ወትሃደራዊ ኣቀማምጣ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ: ብወትሃደራዊ ካርታ ቀሪሙ ብተዘዋዋሪ መንገዲ: ነታ ነዚ እገዳ እዚ ኣነ ኢየ ዋንኡ:

ሃገረ ኤርትራ በዚ እገዳ ምድሃኻ ረብሓይ ኢዩ ንእትብል ዘላ ኢትዮጵያ: ዋጋ ዘይከፈለትሉ ግንያ ወትሃደራዊ ሓበሬታ ኣብ ወርቂ ብያቲ ኣቐሚጥካ ምቕራብን: ንኤርትራ ኸኣ ከም ገንሸል ሰይፍካ ንዘለኣለም ህላዌኣ ካብ'ቲ ብኽልጽማ ዘረጋገጸቶ ዓለም: ጽቡቕ ናይ ሕማቕ ኣብነት ብምኻና: ንምቕታላ ዝተሓለነ ፖለቲካዊ ውዲት ምኻኑ: ህዝቢ ኤርትራን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ክግንዘቦ የድሊ:: ምኽንያቱ ጉዳይ ሚስጢራዊ ወትሃደራዊ ስለያዊ ሓበሬታ ኣሕሊፍካ ምሃብን: ናይ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ንጽህናኡ ኣማሕዲግካ: ንሃገረ ኤርትራ ምስይጣንን: ከም'ቲ መራሒ ኢህወደግ ናይ ሕጂ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ: 24 ሚያዝያ 2014 ንባይቶ ኢትዮጵያ ኣብ ዘስመዮ መደረ: "እዚ እገዳ ክሳብ እቲ ንደልዮ ደረጃ እንበጽሕ ክንደፍኣሉ ኢና" ኢሉ መግለጺ ዝሃበሉ ጠንቂ መበሲ እገዳ: ጉዳይ ሶማል ወይ ከኣ ኩነተ ኩነት ጁቡቲ ዘንቀሎ ዘይኮነስ ንረብሓ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ብኣሜሪካ ተዋዲዱ ዝተተግበረ ምኻኑ ኢዩ ዘነጽረልና:: ኣብ'ዚ ኸኣ ሃገረ ኤርትራ: ብቐንዱ ኤርትራውያን ዜጋታት ኸኣ ብፍላይ: ግዳይ ክኾኑ እንጽበዮ ኢዩ:: ጉዳይ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ከኣ ሓደ ካብ'ቶም ግዳያት ውጺኢት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኢዩ:: ጥቑሉል ሳዕቤን ናይ'ዚ ውጺኢት ከኣ: ፍልሰት ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያን: ኣልማማ ምርሻን 29 ኤርትራውያን ናይ ዕለት ---- ፍጻሜ ዓዲ ሓርሽን: ማይ ዓይንን ገዚፍ ስምብራት ፍጻሜ ህልቂት መቕዘፍቲ ላምፓዱሳን: ድምር ዕያረ ናይ'ቲ እገዳ ዝወለዶ ሳዕቤን ኢዩ::

39. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: "114. እቲ ምቕያድ ዝተኻየደሉ ቦታ ኣብ ዶብ ሱዳንን ሑመራን ዝቖርጽ መንገዲ: ጥሪ 2012: ጠዓመ ናብ መቐለ ኢትዮጵያ ክሰግር እናተጓዕዘ እንከሎ ኢዩ ተኻይዱ: ክሳብ ሰነ 2012 ኣቡኡ ተኣሲሩ ጸኒሑ: ምስ ተቖጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቃለ መሕትት ንኽገብር ከኣ: ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኡ::" ብመጀመርያ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም: ንኣልጋነሽ ፍስሃ ጋንዲ ናብ ዓዲ - ግራት ሒዝዋ እናተጓዕዘ እንከሎ ኢዩ: ኣብ ከተማ ዓዲ ግራት ብኣባላት ፈደራል ፖሊስ ክልል ትግራይ ተኣሲሩ:: እዚ ካብ ሱዳን ናብ ሑመራ ዝብል ዘሎ መግለጺ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ምስ'ቲ ብፈጠራ ዘዳለዎ ናይ መሸጣ ንግዲ ሰባትን፣ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ክዛመደሉ ብማለት ዘዋደዶ ውጹእ ሓሶት ኢዩ:: ናይ'ዚ ጭብጢ ኣብ'ቲ ብኣኽባር ሕጊ ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐረበ ክሲ: ኣኽባር ሕጊ እቲ ናይ ምቕያድ ቦታ ኣበይ ከም ዝነበረ ኣነጺሩ ኣስፊርዎ ስለ ዘሎ: ነቲ ብኣኽባሪ ሕጊ ዝቐረበ ናይ ክሲ ሰነድ ወረቐት ተመልኪትካ: ነቲ ሓቂ ምርግጋጽ እኹል ይመስለና: ስለ ዝኾነ ኸኣ: እቲ ብኣኽባር ሕጊ ዝቐረበ ሰነድ ክሲ ጥራይ ዘይኮነ: ምሉእ ሰነድ ናይ'ቲ ዝተኻየደ ፍርዳዊ መስርሕን: ዝተዋህበ ብይንን ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ ብጥብቆ ኣተሓሒዝና ኣቕሪብናዮ ኣለና:: ነቲ ዝቐረበ ጥብቆ ብምምልካት ከኣ: እቲ ሓቂ ክረጋገጽ ይከኣል ኢዩ::

40. ተቆጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ቃለ መሕትት ከም ዘግበሮ ኢዩ ዝገልጽ:- "115. ቃለ መሕትት ምስ ጠዓመ ኣብ ኣዲስ ኣበባ 21-22 ሰነ 2012": ይኹን ድኣ 'ምበር ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም: ሓደ ኣባል ካብ ተቖጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንሕቶታት ኢሉ ንኣስታት 20 ደቒቕ ዝኸውን ከም ዝረኸቦ ኣይከሓደን:: ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም: ኣብ'ቲ ዘካየዶ ቃለ መሕትት 'ውን እንተኾነ ከም ዘነጸሮ: እቲ ኣባል ተቆጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ነብስኻ ከየሕሰምካ ኣብ'ዚ ናይ መሸጣ ደቂ ሰባትን ዘይሕጋዊ ምስግጋርን: ምስ ብሪጋደር ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ) ሓቢርካ ትሰርሕ ከም ዝነበርካ እመን ኢሉዎ:: ብወገኑ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም: ኣነ ኣብ ዘይፈልጦን ኣብ ዘይወዓልክዎ ጉዳይ ኣይኣምንን ኢየ:  ክሳደይ ንኻራ ኢሉ ኣንቂጽዎ ኢዮም ተፈላልዮም::

41. ስለ'ዚ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ክሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ዝሃቦ ቃል እምነት ኣብ ኢዱ እንድሕር ሃልዩ፡ ንምንታይ ኢዩ ክም'ቲ ወትሃደራዊ ሚስጢራት ሃገረ ኤርትራ ኩፉት ገይሩ ናብ ዓለም ዝዘርግሓ፡ ናይ ክሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ቃል እምነት ናብ ህዝቢ ኩፉት ገይሩ ዘይዘርገሖ? ክበርህ ዝግበኦ ነጥቢ ኢዩ።

42. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ "116. ምስ ኤርትራዊት ወላዲቱ ንሰሎሞንን፡ ክምኡ 'ውን ምስ ሰሎሞን ለማን፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ቃለ መሕትት ሰነ 2012" ክም ዘካየደ ገሊጹ ኣሎ። ንሰሎሞን ለማ ወላዲቱ ምስ ዝኾነ ይኹን ኣካል ናይ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ቃለ መሕትት ክም ዘየካየዳ ዘነጽር፡ ናይ ቃል እምነተን ሰነድ ኣሎ። እዚ እቲ ሓደ መረጋገጺ ሰነድ ዓሎቕ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘነጽር ኢዩ።

43. እዚ ኣብ ክልተ ነጥቢ ተገሊጹ ዘሎ ቃለ መሕትት ተቖጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ "117. ቃለ መሕትት ምስ ኣማኒኤል ተስፋይ ሓዳይ፡ ክምኡ 'ውን ቴድሮስ በረኸት ዓሊ ኣዲስ ኣበባ 3 ጥቅምቲ 2012፡ 118. ቃለ መሕትት ምስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ እስራኤል 22 ሓምለ 18-21-23፡ ክምኡ 'ውን 30 ነሓሰን 1 መስከረምን 31 ጥቅምቲ 2012"፡ ነዚ መርትዖ ዝኸውን ዝቐረበ መረዳእታ የለን።

44. እቲ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ ሓምለ 2012 ዘሕለፎ ውሳኔ እገዳ ዝቐረበ ጸብጻብ ተቖጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንጉዳይ ምስግጋር ዘይሕጋዊ ኣጽዋርን፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባትን፡ ንግዲ ደቂ ሰባትን ዝምልከት፡- ብMatt Bryden Coordinator Monitering Group somalia and Eritrea፡ ምስ ግዳያትን፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ዝተኻየደ ቃለ-መሕትት ኢሉ ዝቀረበ፡ ደጊሙ ኣብ'ዚ ናይ 2013 ክም መርትዖ ኢዩ ቀሪቡ። ንዝርዝራቱ ካብ'ቲ ናይ 2012 ዝተወስደ ክፋል ጸብጻብ፡- ጥብቆ ቁጽሪ 06 ተመልከት። ንምሉእ ትሕዝቶኡ ግን፡ ኣብ'ቲ ሰነድ ከይድካ ተወከስ።



ክሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ወጅሀይ፡
ወይ ኣንጎሶም ጠዓመ፡
መን ኢዩ?

45. እዚ ስእሊ እዚ፡ ብወኪል ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ክሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ)፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣዲስ ኣበባ እንከሎ፡ ብናይ ሞባይል ተሌፎን ካሜራ ዝተላዕለ ስእሊ ኢዩ። ክሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ)፡ ወይ ኣንጎሶም ጠዓመ፡ ሓደ ካብ'ቶም ነቲ ብስም ምንቅስቓስ ደሞክራስን ፍትሕን ንኤርትራ፡ E.M.D.J. ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ብወያነ ናይ ዝተጠፍጠፈ ተቓዋሚ ጉጅለ ኤርትራ ኮይኑ፡ ብደረጃ ወዳቢ ኣካል ይነጥፍ ነይሩ። ክሰተ ኣብ ክልል ትግራይ ሽረ ዝመደበሩን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ስድራ ቤቱን፡ መላእ ቤት ሰቡን ዘቐመጠ ኮይኑ፡ ሞቦቆሉ ኤርትራዊ፡ ትውልዲ ዓዱ ሮኾይቶ ወደ-ከለ ኢዩ። ዓብዩ ዝተማህረሉን፡ ዓቕሚ ኣዳም በጺሑ ዝነበረሉን፡ ነብሱ ዝፈለጠሉን ግን ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ኢዩ።




46. ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) ከም መግለጺኡ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ን10 ዓመታት ዘገልገለ ምኗኑ ኢዩ ዝዛረብ:: እቲ E.M.D.J. ዝብሃል ውድብ ምስ ተመስረተ: ካብ'ተን ዝውንነን ዝነበረ ፒክ-ኣፕ ዝዓይነተን መካይን ሓንቲ: ነቲ ዝመርሖ ውድብ ኣወፍዩ ተባሂሉ ዝተዘርበሉን: ዓቢ ከበሮ ዝተሃርመሉን ቀንዲ ኣሳሳይ ወያነ ኮይኑ: ከምቲ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮ: ንሰባት ናብ ሲናይን: ናብ ካልእ ወጻኢ ሃገራት ብምስግጋር: ገዚፍ ናይ ወጻኢ ባጤራ ሽርፊ ኣታዊ ይገብር ኣሎ ተባሂሉ: ብመንገዲ ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰል ኢያ በሃሊት ኤልሳ ጭሩምን: ብመንገዲ ናይ'ቲ ኣብ በልጁም ዝመደበሩ EPPA ዝተባህለ ናይ NGO ትካል: ብሆላንዳዊት ዝሞቦቆላ ሚርያም ፋን ራይዘን ዝምራሕ ሜሮን እስቲፋኖስ ብዘዋደደቶ ጸብጻብን: ብምትሕብባር ግምባር ሃገራዊ ድሕነትን: ኣብ ልዕሊ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ምስጡር ክሲ ድሕሪ ምምስራቱ: ወያነ ነቲ ኣህጉራዊ መልክዕ ዝሓዘ ክሲ ድሕሪ ምቕባሉ: ናብ ቀይዲ የእትይዎ:: እታ ንባዕላ ክትቅየድ ዝግበኣ ዝነበረ ኤልሳ ጭሩም ከኣ ቀያዲቱ ኮይና::

47. ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ኣብ ወርሒ ጥሪ 2012 ናብ ቀይዲ ድሕሪ ምእታዉ: ጉጅለ ተቖጻጻሪ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ነቲ ኤርትራ ምስ ኣልሸባብ እተካይዶ ዘላ ምድግጋፍን: ኣብ ናይ ሂማን ትራፊክን Human Traffiking እተካይዶ ዘላ ስርሓትን ንምቁጽጻር ቃሉ ንኽህብ ተባሂሉ: ካብ'ቲ ተኣሲሩሉ ዝነበረ ክልል ትግራይ መቐለ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከምዝሓልፍ ተገይሩ ኢዩ: እቲ ኢሉዎ ዝተባህለ ቃለ ምስክርነቱ ናብ ጉጅለ ተቖጻጻሪት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመሓላለፈ::

48. ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ዝተባህሎ ጉዳይ ናብ ጉጅለ ተቖጻጻሪት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቃሉ ድሕሪ ምሃቡ: ኣብ ቤት ፍርዲ ኢዩ ቀሪቡ: ቤት ፍርዲ ንባዕሉ ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ ኸኣ: ንከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): በቲ ገይሩዎ: ወይ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዘካየዶ ናይ ሰባት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሂማን ትራፊኪን Human Traffiking ገበን: እቲ ነቲ ክሲ ዝተመልከተ መጋባእያ ቤት ፍርዲ: ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ፈጺምዎ ናይ ዝብሃል ገበን: መርትዖ ኣይረኸብኩሉን:: በዚ ጉዳይ ተበዲልና ዝብሉ ብኣካል ዝቐረቡ ከሰስቲ 'ውን የለዉን ብማለት: ብነጻ ካብ ማእሰርቲ ኣፋንዩዎ::

49. እቲ ዘገርም ግን: እቲ ንሱ ዝሃቦ ቃል እምነት ተባሂሉ ዝቐረበ: ተቆጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ንኤርትራ ኣብ ምጥቃን ከም መርትዖ ተጠቒማትሉ ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ'ቲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘቕረበቶ ሰነድ: ከም ጭቡጥ መርትዖ ኢዩ ምስ ሰነዳቱ ዘርዚራ: ምስ ስእሊ ናይ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ብምስናይ ኣቕሪባ: ነቲ ናይ ስርሓ ምንዋሕ ግዜ ናብ 16 ኣዋርሕ ከም ሓጋዝን ወሳንን ነጥቢ ተጠቒማትሉ ዘላ::

## ንምኳኑ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣበይ ኣሎ?

4ይ ክፋል: ኣብ ዝቕጽል የራኽበና:-

ጉጅለ ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!
gdusattsenatsenti@gmail.com